# ሓዝ ሓዝ ዋሽንግቶን ዲሲ

ገሌና ብኣካል ገሌና ብሞራል
ገሌና ብሚድያ ገሌና ብዕላል
ገሌና ብጉልበት ገሌና ምምዋል
ገሌና ብምምራሕ ገሌና ምኽታል
ከምቲ ወፍሪ ስምረት ናይ ህዝብና ምንቃል
ስርሒት ናይ ኒው ዮርክ ናይ ማንሃተን ጸዳል
ከምቲ ዕርቃን ምውጻእ ናይ ዓመጽቲ ምትላል
ናይ ከደምቲ ስዕረት ናይ ጊልያታት ምጥሓል
ኣንጻር ዘይሕጋዊ ካውንስል ናይ ኀበጣ ትካል
ኣንጻር ስቴት ዲፓርትመንት ናይ ዋሽንግቶን ኣካል
ኣንጻር ዘይፍትሓዊነት ናይ ማዕቀብ ኣሽካዕላል
ኣንጻር ናይ ፈጠራ ወረ ናይ ዶብ ሕቶ ምስጋል
ሃገርና ክትቀስን ከይኣትዋ ሰንፈላል
ምእንታን ህዝብና ክቀስን ክለዓል
እታ ዓዲ ትባራዕ ብናይ መኸተ ጽላል
ሓሶታት ይቃላዕ ሽርሒታት ንምስላል
ዘይቅኑዕ ፖሊሲ ክፍዳሕ ክሰዓል
ዘይቅኑዕ እገዳ ምእንታን ክለዓል
ኣርክቡ ኣፈርክቡ ሓመድ ድብ ምድልዳል
እገዳ ክቕበር ግብኣተ መሬት ምውዓል
ባንዴራ ክትደምቕ ጽምብልና ክሰሓል
ንኺድ ዋሽንግቶን ኣብ ፈንቅል ንወዓል

ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !
ዮሃና፡ ኣብ መበል 21 ጽምብል በዓልና !
ኣማኑኤል ተስፋማርያም፡ ሓዝ ሓዝ ዋሽንግተን ዲሲ !